**ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ፤ ሓምት**
**Tigrai Defense force TDF**

# ፃውዒት ብሄራዊ ቃልሲ ሓርነት ትግራይ

### ካብ ማእኸል መአዘዚ ሥርዓታዊ ለውጢ
### ማእኸላይ ኣመራርሓ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ

## ብሄራዊ ቃልሲ ሥርዓታዊ ለውጢ ትግራይ

ተጋሩ ህላወና ንምቕፃል ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕሌና ዝፍፀሙ ፅንተታዊ ወራራት ንምምካት ከበድቲ ቃልሲታት እናካየድና ምስ ጉድለታቱ ከም ህዝቢ ህላወና ክሳብ ሐዚ ክዘልቕ ክኢሉ እዩ፤ መሠረታዊ ናይ ቃልሲና መትከልና ድማ ጠለባት ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን፥ ፍትሒን ተሓታትነትን ብምግባር ፍትሓዊ ቃልሲታት ኢና እናካየድና መፂና።

ናይ ቃልሲና መሠረታዊ መትከል ፍትሒን ፍትሓዊነትን እውን ስለ ዝኾነ ክሳብ ሐዚ ዘለናላ መዋእል ካብ ዓርሰ ምክልኻል ሓሊፍና ፅንተት ተፈፂሙልና ኢልና ዋላ ሓደ ጊዜ ናብ በቐል ኣቲና ኣይንፈልጥን።

ናብ በቐል ዘይምእታውና ክንኮርዓሉ ዝግባእ መትከላዊ ስብእናና ዋላ እንተኾነ፤ ካብ ግብረ መልሳዊ ዓርሰ ምክልኻል ቃልሲ ሓሊፍና ሓደጋታት ብርሑቑ ዘቕሪን ህላወና ብሥርዓታዊ ዓቕሚ ውሑስ ዝገብርን ብሄራዊ ሥርዓታዊን ትካላዊን ዓቕሚታት ንምህናፅ ግና ተበግሶ ክንወስድ ብዘይምኽኣልና ከም ህዝቢ ውሽጣዊ ትካላዊ ዓቕሚታት መሠረት ዝገበረ ሥርዓተ መንግሥቲ ንከይንሃንፅ ማሕለኻ ኮይኑና ይርከብ።

ኣብ ትካላዊነት ዝተመሥረተ ዋንኡ ናይ ህዝቢ ዝኾነ ሥርዓተ መንግሥቲ ክንሃንፅ ብዘይምኽኣልና ድማ ደጋዊ ሓደጋታት ብዝመከትናሉ ዓቕምታትና ነኒባዕልትና ክንዋቐዐሉ ክንጠቓቐዐሉን ኢና ንርእ፤ ዝኸፍአ ዝገብሮ ድማ ደጋዊ ገዛኢ ጨቋኒ ሓይሊ ተቓሊስና መኪትና እንትነብቅዕ ኣብ ልዕሌና ውሽጣዊ ገዛኢን ጨቋኒን ሓይሊ ክንሸከም ግና ፍቓደኛታት እናኾና ምምፃእና እዩ።

ኣብዚ ናይ ሐዚ ቃልሲ ፀረ ፅንተት እውን ዝገጠመና መሠረታዊ ፀገም ተመሳሳሊ እዩ፤ ደጋዊ ሓደጋ ህላወና ብወፈራዊ ሓድነት ወፊርና ተቓሊስና መኪትና ንጊዚኡ እቲ ብሚሊተሪ ሓይሊ ብቐጥታ ዝፍፀም ዝነበረ ወራር ፅንተት ክንዓግቶ ክኢልና ኢና፤ ይኹን እምበር ንውሽጣዊ ሓርነት እውን ተበግሶ ወሲድና ክንሠርሓሉ ብዘይምኽኣልና እቲ ንፀላኢ ንምምካት ዝሃነፅናዮ ብሄራዊ ህዝባዊ ዓቕምታትና ጅሆ ዝሓዘ ሓይሊ ዓይንና እናረኣየ ናብ ገዛኢን ጨቋኒን ሓይሊ ተቐይሩ እዩ።

እዚ ውሽጣዊ ሓይሊ ጭቆና ብሄራዊ ዓቕሚታት ትግራይ እናበተነ ብሄራዊ ትካላዊ ዓቕሚታት ከይንሃንፅ ዕንቅፋት ካብ ምኳን ሓሊፉ እናተኸፋፈለን ነኒባዕሉ እናተፈራረጀን ናብቶም ሓይሊታት ፅንተት ብምልጣፍ ትግራይ ንዘይመትከላዊ ርክባት ክትጋለፅን መሣርሒት ሓይሊታት ፅንተት ክትከውንን እዩ ዝገብር ዘሎ፤ ናይዚ ሳዕቤን ድማ ትግራይ መንግሥታዊ ብሄራዊ ቁመና ስኢና ኣብ ከቢድ ሓደጋ ብሄራዊ ብተና ኣትያ ትርከብ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ከቢድ ሓደጋ እውን እቲ ውሽጣዊ ሓይሊ ጭቆና ዝኸዶ ዘሎ ኣካይዳ ንናይ ሓይሊታት ፅንተት ድልየታት ምችው ባይታ ይፈጥረሎም ብምህላዉ ትግራይ ዓውደ ውግእ ክትከውን ዘኽእላ ተጋላፅነት ይፍጥረላ እዩ ዘሎ።

ስለዚ፦ **ሓደ** ጭቡጥ ሓደጋ ብሄራዊ ምብትታን ትግራይ ንምዕጋትን ንምቕልባስን፤

**ካልኣይ** ብሰላሕታዊ መንገዲ ክሳብ ሐዚ ዝቐፀለ ከቢድ ሰብኣዊ፥ ሥነ ልቦናዊን ንዋታዊን ዋጋ እናኸፈለና ዝርከብ ፅንተት ንምዕትን ንምቕልባስን፤

**ሣልሳይ** ድማ ትግራይ ካብ ተጋላፅነት ማእከል ኲናት ቀርኒ ኣፍሪካ ኣድሒንና ከም ወለዶ ናብቲ እንደልዮን ክባር መስዋእትነት እውን ዝኸፈልናሉ ባህጊና ክነተኩር ዘኽእለና ባይታ ንምውናን፤ ሥርዓታዊ ለውጢ ክነምፅእ ግድን ይብለና።

**ሓምት** TDF

ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ

## መሠረታዊ ዕላማታት ብሄራዊ ቃልሲ ሥርዓታዊ ለውጢ ትግራይ

### ፩፤ ህዝቢና በዓል ዋና ፓለቲካዊ ሥልጣንን ብሄራዊ ሃፍቲን ምግባር

ፓለቲካዊ ሥልጣንን ብሄራዊ ሃፍቲን ትግራይ ካብ ሓይሊ ጭቆና ኢድ ኣውፂእና ኣብ ጣቢያን ወረዳን መሠረት ዝገበረ መሰጋገዊ ብሄራዊ ባይቶ ትግራይ ብምምሥራት ናብ በዓል ዋንኡ ህዝቢ ትግራይ ኢድ ክኣቲ ምግባር።

### ፪፤ ዋንነት ውዕሊ ፕሪቶርያን ቃልሲ ፀረ ፅንተት ተጋሩን ናብ ህዝቢ ምምላስ

እቲ ውዕሊ ፕሮቶርያ ናይ ፓለቲካዊ ሥልጣን ትግራይ በዓናይ ጊዚያዊ ወኪል ኮይኑ ብዝምሥረት መሰጋገሪ ብሄራዊ ባይቶ ትግራይ ተማእኺሉን ብሄራዊ መሠረታዊ ረብሓታት ትግራይ መሠረት ብምግባርን ክፍፀም ዝኽእለሉ ባይታ ፈጢርና ሰላሕታዊ ፅንተት ተጋሩ ምዕጋትን ሉኣላዊነትና ምርግጋፅን።

### ፫፤ ንባህጊ ወለዶና ምቾው ባይታ ምፍጣር

ባህጊ ወለዶና ንምስኻዕ ዘኽእሉና ብሄራዊን ትካላዊን ዓቕሚታት ኣብ ትሕቲ መሰጋገሪ ብሄራዊ ባይቶ ትግራይ ዋንነቱ ናይ ህዝቢ ብዝኾነ ሥርዓተ መንግሥታዊ ቁመና ምህናፅን ምውናን።

### ፬፤ ትካላዊን ተልእኾኣዊን ሪፎርም ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ምትግባር

ፅንተት ተጋሩ ዝዓገተ ቲ ዲ ኤፍ ላዕለዋይ መሪሕነቱ ብፓርቲ ፓለቲካ ክጥለፍ ብምኽኣሉ ኣብዚ ሰዓት ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኣትዩ ይርከብ፤ እዚ ብሄራዊ ሓይሊና ንምድሓንን ንትግራይ ዋሕስ ህላወ ክኸውን ንምግባርን ድማ ተፀዋዕነቱ ናብ መሰጋገሪ ብሄራዊ ባይቶ ኮይኑ ፍልፍል ተልእኾኡ እውን ካብዚ ባይቶ ብመሠረት ብሄራዊ መሠረታዊ ረብሓታት ትግራይ ተነፂሩሉ ዓድናን ህዝቢናን ዝሕሉ ሓይሊ ክኸውን ናብ ዘኽእሎ ዳግመ ውዳበን ዝተማልአ ሪፎርምን ክኣቲ ምግባር።

## መትከላት ብሄራዊ ቃልሲ ሥርዓታዊ ለውጢ ትግራይ

### ፩፤ ብሄራዊነት

ልዕልን ቅድሚን ኲሉ ዛዕባና ብሄራዊ መሠረታዊ ረብሓታት ትግራይ እዮም ክኾኑ ዘለዎም ኣብ ክሊ እዚ ብሄራዊነት ቀንዲ መትከልና ይኸውን፤ ስለዚ ድማ ኣብ ደቂ ብሄርና ብሄራዊ ሓልዮት ክህልወናን ኲሉ ምንቅስቓሳትና ኣብ ብሄራዊ ሓልዮት ደቂ ብሄርና ዝተመሥረተ ክኸውን ክንገብር ይግባእ ማለት እዩ።

### ፪፤ ፍትሓዊነት

ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ፍትሓዊ ሥርዓት ንምህናፅ እዩ፤ ስለዚ ንነብስና ፍትሓዊያን ክንከውን ፍትሓዊነት ገዛኢ መትከልና ክኸውን ኲሎም ምንቅስቓሳትና ብፍትሓዊነት ክቃነዩን ክምርሑን ክንገብር ኣለና። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ልዕሊ ወዲ ብሄርና ንፍፅሞ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ከይህሉ ፈፂምና ክንጥንቀቕ ኣለና ማለት እዩ፤ ገበን ዝፈፀመ ብሕጊ ክሕተት ጥራሕ ኢና ክንገብር ዘለና።

### ፫፤ ሥርዓታዊነት

እቲ ፍትሓዊነት ሕቶና ፍትሓዊ ሥርዓት ብምህናፅ ዝረገግፅ ብምዃኑ ነካይዶ ቃልሲን ትኹረትናን ፍትሓዊን ሥርዓታዊን ዝኾነ ትካላዊ ዓቕሚታት ንክንውንን ዘኽእል ክኸውን ኣለዎ፤ ፍትሓዊነት መሠረት ብዝገበረ ሥርዓታዊን ትካላዊን ብሄራዊ ዓቕሚታት ኢና ዋንነት ፓለቲካዊ ሥልጣን ናይ ህዝቢ ምዃኑ ብተግባር ብምርግጋፅ ዘለዉና መሠረታዊ ሕቶታት ማለት ሕቶ ህልውና፥ ሕቶ ፍትሓዊ ተጠቃምነትን ዴሞክራሲያዊነትን ክንረጋግፅ ዝከኣለና።

**ሓምት TDF**

ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ

ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ፤ ሓምት
Tigrai Defense force TDF

## ወሰንቲ ተግባራት ብሄራዊ ቃልሲ ሥርዓታዊ ለውጢ ትግራይ

### ፩፤ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ካብ ሓይሊ ጭቆና ነፃ ምውፃእ

ቲ ዲ ኤፍ ነቲ ብፌደሬሽን ኢትዮጵያን ሻዕቢያን ዘጋጠመና ወራር ፅንተት ብኸቢድ ተጋድሎ ክዓግቶ ዝኸኣለ ብሄራዊ ሓይሊና እንትኸውን፤ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓይሊ ጭቆና ንናይ ፓርቲ ፓለቲካ ተልእኾን ጉጅለኣዊ ድልየታቱን መጋበርያ ክገብሮ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነቱ ብዝነበሮ ርከብ ተጠቒሙ ክጨውዮ ሞኪሩ እዩ፤ በዚ ተግባሩ ድማ ብሄራዊ ዓቕሚታት ትግራይ ክብተን ገይሩ እዩ፤ እዚ ከይኣኽለ ካብ ተሓታትነት ንምምላጥ ክብል ምስቲ ፅንተታዊ ሓይሊ ሻዕቢያ ተላፊኑ ነዚ ብሄራዊ ሓይሊና ናብ ሓዊ ክጥጥቖን ትግራይ ማእኸል ዓውደ ውግእ ጅኦፓለቲካዊ ምትፍናን ቀርኒ ኣፍሪካ ክገብራን ለይቲን ቀትሪን ኣብ ፃዕሪ ይርከብ።

ስለዚ ንሕና ተጋደልቲ ናይዚ እኩይ ተግባር ሓይሊ ጭቆና መጋበርያ ብዘይምኧን ንባዕልትናን ንዓድናን መድሕን ክንከውን ይግባእ።

በዚ መሠረት ካብ ላዕለዋይ ክሳብ ታሕተዋይ መሪሕነት ዘለኹም ብፆትና ካብ ናይቲ ሓይሊ ጭቆና መስመር ትእዛዝን ጥርናፈን ዓርስኹምን ኣሃዱኹምን ሓራ ኣውፂኹም ኣካል ናይዚ ብሄራዊ ቃልሲ ሥርዓታዊ ለውጢ ክትኾኑ ይግባእ።

ንሕና ብሄራውያን ተቓለስቲ ሓርነት ዝኾና ብፆትኩም ብሕቡእ ፈጢርና ኣብ ዝሃነፅናዮ ውዳበን መስመር እዚ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ንምእታው ብዝህልወኩም ድልውነት ልክዕ ምትእስሳር ክትፈጥሩ ምችው ባይታ ከም እንፈጥር ድማ ክንገልፀልኩም ንፎቱ።

### ፪፤ ከባቢና ሓራ ምውፃእን ምሕላውን

እዚ ወሳኒ ተግባር ብቐንዱ ኣብ ከባቢኹም ንዘለኹም ምልስ ተጋደልቲ ብፆትናን መናእሰይ ኣሕዋትናን ኣሓትናን ዝምልከት እንትኸውን፤ ካብ ቅድመ ስግግር ጀሚሩ በቢብርኩ ኣብ ዝፍጠሩ ውዳበታት መናእሰይን ምልስ ተጋደልቲን እናተወደብኩም ከምኡ እውን ብዓርሰ ተበግሶ ውዳበታት እናፈጠርኹም ምስ ውዳበና ማእከል መአዘዚ ማእኸላይ ኣመራርሓ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ተኣሳሲርኩም ከባቢኹም ካብቲ ሓይሊ ጭቆና መግዛእቲ ሓራ ክተውፅኡን ሰላምን ደሕንነትን ከባቢኹም ክትሕልዉን ይግባእ።

### ፫፤ ንጡፍ ብሄራዊ ተሳትፎ

ብሓፈሻ ኩሉ ትግራዋይ ብፍሉይ ድማ መናእሰይን ምልስ ተጋደልቲን ድሕሪ ሥርዓታዊ ለውጢ ኣብ ዝህሊ ቃልሲታት ህንፀት ሥርዓተ መንግሥቲ ተጋሩን ምግሃድ ብሄረ መንግሥቲ ተጋሩን ንስለ ህላወናን ረብሓናን ክንብል ዋንነት ዓድናን ሃፍቲ ዓድናን ንምውሓስ ከምኡ እውን ፍትሓዊ ተጠቃምነት ንምርግጋፅ ንቑሑን ንጡፍን ተሳትፎ ብምግባር ዋንነት ሥልጣን ትግራይ ናይ ህዝቢ ምኧኑ ዘረጋግፁ፥ መሠረትን ውሕስናን ፍትሓዊነት ዝኾኑ ትካላዊ ዓቕሚታት ኣብ ምህናጽ ክንሠርሕ ዘኽእለና ውዳበታት ክንፈጥር ኣለና።

ኣብዚ መዳይ ማሕበረሰባዊ ትካላትን ውዳበታትን፥ ማሕበረሰባዊ ምንቅስቓሳት፥ ዲያስፖራ ተጋሩ፥ ውልቂ ትካላት ሚድያን ቢዝነስን፥ ኣብያተ እምነት፥ ምሁራንን ምሁራትን ከምኡ እውን ዓበይቲ ዓዲን ፅልዋ ፈጠርቲን  ዝለዓለ ግደ ከም ዝህልወኩም ምግንዛብ ወሳኒ ይኸውን።

ማእኸል መአዘዚ ሥርዓታዊ ለውጢ
ማእኸላይ ኣመራርሓ ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ

፳፻፲፫፡ ዓ፡ም።
መቐለ፤ ትግራይ።

ሓምት TDF

ሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ